# ህዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርትን ከበቢኡን ብዓወት ተዛዚሙ

ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ዝቕመጡ ኤርትራውያን ነቲ ዘይሕጋውን ኣዘይፍትሓውን ዓማጺ ብይን ባይቶ ጸጥታ ብምቅዋምን ብምዅናንን ብዕለት 16.01.2010 ዘካየድዎ ህዝባዊ መኸተ ብምቕጻል ብቀዳም ዕለት 05.06.2010 ዕዉት ህዝባዊ መኸተ ኣካይዶም።

ናይ ክብሪ ጋሻ ክቡር ኣምባሳደር ጴጥሮስ ጸጋይ ኣብቲ ዝተኻየደ ህዝባዊ መኸተ ተረኺቡ ንቑጠባውን ፖለቲካውን ዲፕሎማሲያውን ምዕባለ ሃገርና ዝምልከት ሰፊሕ ሓበሬታን መብርህን ሂቡ።

ብድሕሪኡ ኣቦወንበር ማሕበረኮም ሽቱትጋርት እዚ ፍናን ህዝብናን መንግስትናን ክብ ዘበለን ርእሲ ጸላእትናን ተጻባእትናን ዘድነነን ኣብ ጀኔቭ ዝተኻየደ ቅያ ሰላማዊ ሰልፊ በዋዳድብኡ ደኣ ፍልይ ዝበለ ይኹን እምበር ብዓይነቱን ብትሕዝቶኡን መቐጸልታ ናይ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ክካየድ ዝጸንሐ ዝተፍላለየ ሰፋሕቲ ሰላማዊ ሰልፍታት ምዃኑ ዘዛኻኽር ሓጺር ታሪኽ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዝተኻየዱ ሰላማዊ ሰልፍታት ብምትንታን መብርሂ ሂቡ።

ብድሕሪኡ ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን መጀመርያ ሓደገኛነት ስነ ኣእምራዊ ኲናት ብሓፈሻ፤ ብፍላይ ድማ ናባና ኣብ ስደት እንነብር ኤርትርውያን ዝቐንዐ ስነ ኣእምራዊ ኲናት እንታይ ከም ዝመስልን ብኸመይ ክንብድሆ ከም ዘሎናን ብምሕባር ኣዕጋቢ መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ ቀጺላ ማሕበረሰብኣዊ ብደሆታትና ኣብ ስደት ብፍላይ ድማ እቲ ክቡር ሂወት ዝተኸፍሎ ኤርትራዊ መንነትና ኣብዚ ኣብ ስደት'ውን እንተኾነ ካብ ወለዶታት ናብ ወለዶታት እናትሳጋገረ ብኽብሪ ክንዕቅቦ መድረኽ ዝጠልቦ ዘሎ ሕቶ ምዃኑ ብምዝኽኻር ድሕሪ ሕጂ ብሓደ ቅልጽምና ንሃገርና በቲ ሓደ ቅልጽምና ድማ ኤርትራዊ መንነትና ኣብ ስደት ንምዕቃብ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ከም ዘሎና ብምሕባር ነዚ ጉዳይ ዕዉት ንምግባር ሓላፍነት ወሲዳ ክትሰርሕ ተዳልያ ከም ዘላ ንህዝቢ ገሊጻ።

እቲ ብሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ተወዲቡ ብልዑል ሃገራውነትን ተወፋይነትን መንእሰያት ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ዝሰላሰል ዘሎ ድሮ ልዕሊ 500 ሚእቲ ህዝቢ ዝተኻፈሎ እምቢ ንእገዳ ዝብል ናይ ተቓውሞ ደብዳበታት ቀጥታ ናብ ፕረዚደንት ኦባማ ናይ ምልኣኽ ስጉምቲ'ውን ጎድኒ ጎድኒ'ቲ መኸተ ብመንእሰያትና ክካየድ ውዒሉ እዩ።

ኣብ መወዳእታ እቲ ህዝቢ ወትሩ ኣብ ጎድኒ ህዝብናን መንግስትናን ከም ዘሎና ንምሕባርን ንምርግጋጽን ነብሲ ወከፍ ተቐማጣይ ኣብ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን €100.- (**ሚእቲ**) ከዋጽእ ድሉው ምዃኑን ውጺኢት ናይ'ቲ ብጀርመን ደረጃ ክዋጻእ ብሽማግለታት ህዝባዊ መኸተ ተመዲቡ ዘሎ ሓሳብ ብምድጋፍ ድማ ከም መተካእታ ክቕበሎ ድሉው ምዃኑ ብምሕባር ህዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን ከም ወትሩ ብዉዕዉዕ ሃገራዊ ወንን መንፈስን ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ

ሽማግለ ህዝባዊ መኸተ ሽቱትጋርትን ከባቢኡን